# ኣነ እነዉሕ ዶ በለትኒ?

ብ ክንፈ ኣብርሃ (ዶ/ር) e-mail: kinfeab@yahoo.com

ኣንታ ሎሚስ ዘይስማዕ ጉድ ግዲ የለን፣
ኣፀጊሙ ግዲ ምዕቃን፤ ነዊሕን ሓፂርን፤
እወ፤ ዝገርም ነገር እዩ ዘይትሰምዖ የብላን እዝኒ፣
ቁመታ ያ ምስቁመተይ ዓቂናስ ኣነ እነዉሕ እኮ በለትኒ፤
ጉብስ ኢለ፤ ዕፅፍ ኣቢለ ኣብራኸይ፣
ሑቐይ እዉን ኣጉብጦ፣ ኣድንን ምስ ኣበልኩ ርእሰይ፤
ሓፍ ኣቢለ ሓንጊረ ናብ ማእገረይ ሰቒለያ፣
ምእንተ ኽልተ'ይና ኢለ ክትሪአለይ ኣመዓድያ፤
ደሓር ኮፍ ምስ በለት ኣብ ማእገረይ ኮይና፣
ኣነ እነዉሕ ኢላትኒ ቁመታ ምስ ቁመተይ ዓቂና፤
እንትትሪአ ንሳ ኮይና ብላዕሊ፣
ቆልዓ ዝኾንኩ ግዲ መሲሉዋ እወ ህፃን ገና እግረ ተኸሊ፤
ኣብ ታሕቲ እንድየ ተሪፈ ኣብ ጥቓ አእጋራ፣
እወ ሓቃ እያ፣ ቁመታ ይነዉሕ ምስ ናተይ ኣነፃፂራ፤
ብሱሩ ኸባ ካብ ዓንተዎ፣ እወ ካብ ብጋኑኣ፣
ክትነዉሓለይ ኢለ ዶ ኣይኾንኩን ባዕለይ ሓንጋሪኣ፤
ታይ ደኣ ግበር ትብለኒ ኣላ እናደጋገመት፣
ብናታ ዘረባን ጃህራን እኮሞ እዝነይ ፀመመት፤
ኣነ እነዉሕ ዝብል ዘረባ እባ እንታይ ኣምፀኦ፣
ሓሶት ዘረባ ኣይድንቅን ንኽትሰምዖ፤
እንታይ ደኸ ኣለዎ እዩ እንተነዉሐት ንሳ፣
ኣነ እኮ ዝተረባሕኹሉ ጉዳይ ኣይነበረን ካብ'ቲ ምንኣሳ፣
ካብ ቀደሙ ዶእሞ ኣይንነዉሓትለይን፣
ኣነ ዘየርክቦ ተወጢጣ ኣይነዉረደትለይን፣
እምበር ንፋለጥ እንዲና ቀቁመትና፣
ሓቂ ንዛረብ እንተተባሂሉ ናይ እማን ብቕንዕና፤
ሓደ ነገር ግን ኣሎ ኣዐርያ ዝረሰዐቶ ንሳ፣
ኣነ ብክልተ እግረይ ንመሬት ኣደልዲለ እንትረግፃ፣
ኣብ ሰማይ ሸለዉለው ኢላ ምህላዋ ግዲ ረሲዓቶ፣
ኣነ እነዉሕ፣ ኣነ እነዉሕ እናደጋገመት አእዛነይ ኣደንቍራቶ።
ንክትነዉሓለይ ዶ ኣይኮነን እዩ እቱ ናይ ልበይ ባህጊ፣
እምበር ደኣ መዓዝ ንፅዕነት ዝተፈጠርኩ ነይረ እየ ከም ኣድጊ፣
ኣይ ተዛቲና እንዲና ጌርናዮ ክልተይና ብዕሊ፣
እንታብ ክልተይና ኮይንና ጎኒ ንጎኒ ወይከ ዘይብሉ ጠገሊ፣
ላዕሊን ታሕቲን ኮይንና፤ እወ ተሓናጊርና ፀገማት እንተየጋጠሙ ብርሑቕ ክንኣሊ፤
ኣብ ማእገረይ ተኾይጣ ምስረኣየትኒ ንቑልቁል፣
እንታይ ደኣ ረኸባ ከም ዓለባ ትብለል፣
ኣነ እየ እኮ ዝነዉሕ እናበለትኒ ትዉዕል።